# ውጽኢት ኣኼባ ባይቶ ዞባ ማእከል

ሓዳስ ኤርትራ

መበል 26 ዓመት ቁ.150 ረቡዕ 22 ለካቲት 2017 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ







ንህዝቢ በብእዋኑ ምንቃሕን ምውዳብን ኣብ ህንጸት ስኒትን ሓድሕዳዊ ምክብባርን ብቐሊሉ ዘይጥመት ኣስተዋጽኦ ኣለዎ።

ባይቶ ዞባ ማእከል፡ “ሓያል ቁጠባ፡ ብልዑል ኣፍራይነት” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ መበል 16 ስሩዕ ኣኼባኡ ብዓርቢ 17 ጥሪ 2017 ብዓወት ኣቃኒዑ ኣሎ።

እቲ ኣብ ኣዳራሽ ዞባ ማእከል ዝተቓንዐ ኣኼባ ባይቶ ዞባ ማእከል - ኣማሓዳሪ ዞባ፡ ኣቦ መንበር ህግደፍ ዞባ፡ ወኪል ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር፡ ፈጻምቲ ኣካላት ዞባ፡ ኣማሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት፡ ወከልቲ ህዝባውያን ማሕበራት፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ፖሊስ፡ ጸጥታን ዕድመ ዝተገብረሎም ኣጋይሽን ተሳቲፎምዎ።

ባይቶ ኣብ ፈለማ ንጥፈታት ዓመተ 2016’ዩ ተመልኪቱ። ብመሰረት’ቲ ብኣቦ መንበር ባይቶ ዞባ ኣቶ ኣብርሃም ሰመረ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ባይቶ ኣብ ዝሓለፈ ዓመተ 2016፡ ኣብ ርእሲ’ቲ ልሙድ ምምሕዳራዊ ንጥፈታትን ስርሓትን፣ መምርሒታት መንግስቲ ንምትግባር ብርክት ዝበሉ ኣኼባታት፡ ሰሚናራትን ጉስጓሳትን ከም እተሰላሰሉ ኣነጺሩ።

ስሩዕ ኣኼባ ባይቶ ዞባ፡ ብመሰረት ብሽማግለታትን ህዝቢን ዝርከብ ሓበሬታ ተደሚሩ ከም ዝቐርብ ዝሓበረ ኣቶ ኣብርሃም፡ በብእዋኑ ዝቐርቡ ጠለባት ህዝቢ ኣብ ስሩዕ ኣኼባታት ባይቶ ቀሪቦም መፍትሒ ክጠልቡ ዝጸንሑ ጉዳያት፡ ዝበዝሑ ምላሽ ክረኽቡ ምጽንሖምን ምህላዎምን ኣነጺሩ። ዝተረፉ ድማ ኣብ መስርሕ ተፈጻምነት ከም ዝረኸቡ ኣቶ ኣብርሃም ኣረዲኡ።

- ኣብ ልምዓት ሕርሻዊ ንጥፈታት፡ ምህርቲ እቶት ክብ ናይ ምባል ቀንዲ ዕማም ሚኒስትሪ ሕርሻ እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ፡ ባይቶ መሬት ሕርሻ ኣብ እዋኑ ምሕራስ፡ ምዝራእን ምእካብ ምህርትን ምእንቲ ክከኣል፡ ንሕርሻዊ ንጥፈታት ዘገልግሉ ናውቲ ትራክተራት፡ ኮምፓይነራት፡ ምሩጽ ዘርኢ፡ ድኹዒን መድሃኒትን ኣብ እዋኑ ምቕራብ ኣገዳሲ ምዃኑ ብምግንዛብ ብዕቱብ ዘትይሉ።
- ኣብ ጉዳይ መለሳ መሬት ብዝምልከት፡ ባይቶ ንሓዋሩ ውሑስ ምሕደራ መሬት ክተኣታቶ ዝካየድ ዘሎ ምድልዳል መሬት ኣገዳሲ ምዃኑ ብምምልካት፡ ተጠቀምቲ ብዝዓግብሉ መንገዲ ክፍጸም ተራ ምምሕዳራት ከዓዝዝን፡ ሕቶታትን ርእይቶታትን ጠለብቲ ተሰሚዑ ኣብ እዋኑ ግቡእ ምላሽ ክወሃቦም ኣዘኻኺሩ።
- ቀረብ ዝስተ ጽሩይ ማይ ኣስመራን ከባቢኣን ንነዊሕ እዋን ጸገም ኰይኑ ብምህላዉ፡ ነቲ ሽግር ንምፍታሕ መንግስቲ ዓበይቲ ቆላሕታ ሂቡ ይሰርሓሉ ኣሎ። ዝጸንሐ ጸገም ቀረብ ነዳዲን ዋጋ ታሪፍ መጓዕዝያን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ማይ ኣብ ዝዕድላ ቦጣት ማይ ግቡእ ኣገልግሎት ንኽህባ ሓያል ቁጽጽርን ክትትልን ክገብር ከም ዝግባእ ኣተሓሳሲቡ።

- መሬት ጤሳ ሓደ ካብ'ቶም ባይቶ ብዕምቆት ዝዘተየሎም'ዩ። ዜጋታት ብሓፈሻ፡ ንነዊሕ እዋን ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝርከቡ መንእሰያት ድማ ብፍላይ፡ ብሰሪ መንበሪ ገዛ ሓዳርን ናብራን ኣብ ምምስራት ይጽገሙ ብምህላዎም ቅልጡፍ ፍታሕ ክናደ፣ ጎኒ ጎኑ ቀረብ ናውቲ ህንጻን ፍቓድ መስርሒ ኣባይቲ ክዳሎ ባይቶ ይጠልብ።
- ኣብ መዳይ ቀረብን ጠለብን ጸዓት ብዝምልከት፡ ባይቶ ላምባ፡ ጋዝን ዕትሮን ኣብ'ዚ እዋን ሰሓቦ ጉተቶ ተሪፉ ብመንገዲ ምምሕዳራት ብብሎካት ተወዲቡ ይሰርሓሉ ብምህላዉ ከምኡ ድማ፡ ኣብ ህዝቢ ብግቡእ ይባጻሕ ምህላዉ ብምጥቃስ፡ ደረጃ ብደረጃ ኣብ ዝተረፋ ዘይበጽሓን ስድራ ቤታታት ከም ዝበጽሓን ክግበር ዝያዳ ስራሕ ከም ዘድሊ ገምጊሙ።
- ኣብ መዳይ መስመር ቴለፎን፡ መንግስቲ ኣብ ጉዳይ ዘመናዊ መራኸቢታት ሰፊሕ ሸፈነ ከም ዝህሉ ንምግባር ይሰርሓሉ ምህላዉ ባይቶ ይኣምን። እቲ ሓቂ ንሱ ይኹን'ምበር፡ ብዙሓት ናይ ገዛ፡ ኣብያተ ጽሕፈትን ህዝባውያን ወሃብቲ ኣገልግሎት ናይ ጎደናታት ቴለፎናት፡ ሓንሳእ ምብልሻው ምስ ኣጋጠመን ጽገና ከይተገብረለን ንነዊሕ እዋን ስለ ዝጸንሓ ጸገማት ይፍጠር ስለ ዘሎ፡ ዝምልከቶ ኣካል ነዚ ጉዳይ ኣቓልቦ ክህቦ ጸዊዑ።
- ኣብ ጉዳይ ንግዳዊ ንጥፈታት፡ ዘይሕጋዊ ንግዲ ጠንቂ ናህሪ ዋጋታት ኮይኑ ብምህላዉ፡ ንምግትኡ ሕጋዊ ኣገባብ ንግዳዊ ንጥፈታት ክበራበር ተማሕጺኑ። ፍቓድ ዋኒን ዘለወን ትካላት ዓይነት ዋኒናተን ክልውጣን ካብኡ ሓሊፈን ደው ክብላን ይርኣያ ኣለዋ። እዚ ተርእዮ ብዘይካ'ቲ ኣብ ንግዳዊ ንጥፈታት ዘስዕቦ ጽልዋ፡ ንኣታዊታት ግብሪ መንግስቲ'ውን ኣሉታዊ ጽልዋ ስለ ዝገብር መንግስቲ ቆላሕታ ክገብረሉ ባይቶ ኣዘኻኺሩ።
- ሚኒስትሪ ፍትሒ፡ ህዝቢ ገንዘቡን ጉልበቱን ከይሃለኽ ብቐረባኡ ጉዳያቱ ዘዕርፈሎም ትካላት ፍትሒ ኣቚሙ ክሰርሓሉ ካብ ዝጀምር ዓመታትኮይኑ ኣሎ። ዝተተኽላ ህዝባውያን ኮማዊያን ኣብያተ ፍርዲ ብግዲኣን ህዝቢ ብቐረባኡ ኣገልግሎት ከም ዝረክብ ኣብ ምግባር ተራአን ይጻወታ ኣለዋ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ገለ ትካላት ፍትሒ፡ ብጉድለት ሓላፍነትን ሕጽረት ኣፍልጦን ደያኑ ዝሳቐያ ትካላት ብምህላወን ህዝቢ ቀጻሊ መረረታት ዘስምዓሉ ኰይኑ ብምህላዉ ዝምልከቶ ኣካል ግቡእ ክትትል ክገብር ተጋባእቲ ጠሊቦም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ብወገን ሽማግለታት ባይቶ ጸብጻብ ቀሪቡ ነይሩ። ንጸብጻብ ሽማግለ ቁጠባዊ ልምዓት ምስ እንምልከት፡ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ሽማግለ ብመሰረት ዝተዋህቦ መደብ ኣብ ዝተመርጸሉ ንኡስ ዞባኡ ዳህሳሳት ብምግባር፡ ዝረኣዩ ሕጽረታትን ጸገማትን ብቕንዱ ህዝቢ ዘዕዘምዝመሎም ጉዳያት ዝገልጽ ጸብጻብ ኣቕሪባ። ኣባላት ባይቶን ተሳተፍቲን ድማ፡ ሰፊሕን ዓሚቕን ክትዓት ኣካይደምሉም።

ካብ'ቲ በታ ሽማግለ ዝቐረበ ጸብጻብ

- ንሹነታት ዕዳጋታት ከም ኣብነት ምስ እንወስድ፡ ምስ ምቕያር ሓድሽ ባጤራ ናቕፋ፡ ዋጋታት ሃለኽቲ ነገራት መጠናዊ ርግኣት ፈጢሩ እኳ እንተነበረ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ግን ዋጋ ሃለኽቲ ነገራት ናብ ዝነበሮ ብምምላሱ፡ ኣብ መነባብሮ ህዝቢ ከቢድ ጸገም ፈጢሩ ብምህላዉ ፍታሕ ዝጠልብ ከም ዝኾነ ተገምጊሙ። ነዚ ንምፍታሕ መንግስቲ ጀሚርዎ ዘሎ መስርሕ ልምዓታዊ ንጥፈታትን ወሰኽ ደሞዝ ከቀላጥፎን ተጋባእቲ ጸዊዖም።
- ሽማግለ ባህልን ልምድን ብግዲኣ ኣብ ዘቕረበቶ ጸብጻብ፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘሐብንን ዘኹርዕን ባህሉን ልምዱን ዓቂቡ ናብ ወለዶታት ከሰጋግር ከም ዝግባእ ብምንጻር፡ መንእሰያት ብዓለማዊ ጽልዋታት ግዳይ ዝተፈላለዩ ወልፈታት፡ ባእሲ፡ ዕግርግር፡ ቁማር፡ ስርቂ፡ ምንዝርና፡ ዘይሃይማኖትካ ምኽታል ወዘተ ይኾኑ ምህላዎም ኣመልኪቱ። ብሱላት፡ ሓላፍነት ዝስምዖም ከምኡ'ውን፡ ባህሎምን መንነቶምን ዓቂቦም ኣብ ኩሉ መዳያዊ ንጥፈታት ቀንዲ ተዋሳእትን ተግበርትን ምእንቲ ክኾኑ፡ ልዑል ኣተኩሮ ክግበረሎም ከም ዘድሊ ተገምጊሙ።
- ብኻልእ ወገን ናይ እንታይ ገዲሱኒ፡ ምትሕንፋጽ ቋንቋ፣ ንመርዓ፡ ተስካር፡ ዓመት ቆልዓ፡ ሓማውቲ፡ ጽምቛ ስዋን መመረቕታ ተማሃሮን እናተባህለ ዳሳት ሰሪሕካ ባንድ ዓዲምካ ዝግበሩ ውራያት ክግትኡ፡ ባይቶ ኣብ 5ይ ስሩዕ ኣኼባኡ ዘሕለፎ ውሳነ ተግባራዊ ብዘይ ምኻኑ፡ ብኣሉታ ተጠቒሱ።
- ጸብጻብ ሽማግለ ማሕበራዊ ኣገልግሎት እውን ቀሪቡ ነይሩ። ገለ ካብ'ቲ በታ ሽማግለ ዝቐረበ ኣብ ጉዳይ ትምህርቲ ዘተኮረ ምስ እንርኢ፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝዓበየ ጸገም መምሃራን ኰይኑ ንኣያሎ ዓመታት፡ ኣብ ዕቤት ጽላት ትምህርቲ ጽልዋታት ክገብር ምጽንሑ ብምዝካር፡ መንግስቲ ነቲ ሽግር ንምፍታሕ ብዝወሰዶ ደሞዝ ናይ ምውሳኽ ስጉምቲ፡ መንፈስ መምህራን ክሕደስ ከም ዝኽኣለ ተገምጊሙ። ከም መርኣያ ናይ'ዚ ካብ ስራሕ ኮብሊሎም ዝጸንሑ ብዙሓት መምሃራን ናብ ምዱብ ስራሖም ብምምላስ፡ በብዓመቱ ኣብ ምጅማር ትምህርቲ ዝረአ ዝነበረ ምድንጓያት ከም እተወገደ ኣብ ጸብጻባ ብምስፋር ናብ ተጋባእቲ ኣቕሪባ።
- ኣማሓዳሪ ዞባ ማእከል መጀር ጀነራል ሮሞዳን ዑስማን ኣወሊያይ፡ ምድልዳል መሬት ዝወጸ መምርሒ፡ ነቶም ኣብ ንጡፍ ሃገራዊ ዕማም ተዋፊሮም ዘለዉ ኣባላት ሓይሊታት ምክልኻልን ስንኩላንን፡ ኣብ ግምት ዘየእተወ ስለ ዝኾነ ክለሳ ክግበረሉ፣

ምዕዳል መስርሒ መንበሪ ኣባይቲ፡ ምህናጽ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ ኣዳራሻት፡ ማእከላት መንእሰያት፡ ዓይኒ ምድሪ፡ ውሑስነት ቀረብ ማይ፡ ሃለኽቲ ነገራት ብብሎኮታት ንኸይኣትዉ ምቁጽጻር ይግበር ከሳብ ዝሃለወ፡ ካልእ ኣማራጺታት ክናደ ወዘተ፡ ንዝብሉ ካብ ተሳተፍቲን ኣባላት ባይቶን ዝቐረቡ ሕቶታት መብርሂ ሂብሎም።

ባይቶ ዞባ ኣብ ዘካየዶ ናይ ምሉእ መዓልቲ ኣኼባኡ፡ ኣብ ህልዊ ኵነታት ሃገርና ብሓፈሻ፡ ንዞባ ዝምልከቱ ድማ ብፍላይ፡ ዓበይቲን ናኣሽቱን ጕዳያት ብምልዓል ዓሚቝ ዘተ ብምክያድ፥

- ምዕባለን ዕቤትን ሓንቲ ሃገር፡ ብመጠን ኣፍራይነት ህዝባ ስለ ዝረጋገጽ፡ ኩሉ ዜጋ መንግስቲ ወጢንዎም ዘለዉ ዓበይቲ ልምዓታዊ መደባት ብልዑል ትግሃትን ተወፋይነትን እጃሙ ከበርክትን ኣፍራይነቱ ከዕዝዝን፡
- ድስፕሊን ሓደ ካብ ዝዓበዩ ስራሕ ዝጠልቦም ረቋሒታት ከም ምዃኑ መጠን፡ ሰዓታት ስራሕ ክኽበር፡ ተሓታትነት ኣብ ዕቤት ቁጠባ ወሳኒ ስለ ዝኾነ ብንቕሓት ክትግበር፡
- ምስ ክብርታት ሕብረተሰብና ዘይቃዶ ካብኡ ናብኡ ናብ መንእሰያት ተማሃሮን ዝቐንዐ ብስም ሃይማኖት ዝግበር ምትእኽኻባት ዕቱብ ስጕምቲ ክውሰደሉ፡
- ሓያሎ ትካላት ብሰንኪ ሕጽረት ጥረ ነገራት ስራሕ ከቋርጻን ሰራሕተኛታት ከውጽኣን ይግደዳ ኣለዋ። እዚ ንጸቕጢ መነባብሮ ህዝቢ ዘጋድድን ኣታዊታት መንግስቲ ዘዳኽምን ስለ ዝኾነ፡ ብዕቱብ ተራእዩ መፍትሒ ክናደየሉ፡
- ምስ ምቕያር ባጤራ ናቕፉ ተራእዩ ዝነበረ ምንካይ ዋጋታት ሃለኽቲ ነገራት፡ ኣብ'ዚ እዋን ናብ ዝነበሮ ክብሪ ይምለስ ኣሎ። ጠንቂ ናይ'ዚ ድማ ብሕጋዊ መንገዲ ዝኣቱ እኹል ቀረብ ስለ ዘየለ'ዩ። ዘይሕጋዊ ንግዲን ሳዕቤናቱን ንምውጋድ መንግስቲ እኹል ቀረባት ከረጋግጽ፡
- መንግስቲ ኣብ ሰፋሕቲ ናይ ልምዓት ቦታታት ዘመናዊ ሕርሻ ንምዕባይ ንህዝቢ ሂብዎ ዘሎ ዕድል ብግቡእ ንምጥቃም ዘካይዶ ኃስጓስ ከሐይል፡
- ሎሚ ዘመን ኣብ ዞባ ማእከል ዝተራእየ ሕጽረት ማሺነሪታት ሕርሻን ከም ሳዕቤኑ ዝተራእየ ምጉታት ምእካብ ምህርቲን ከይድገም። ኣብ ቀጻሊ ኣቐዲምካ እኹል ምድላዋት ክግበር፡
- ብሓያል ጻዕሪ ህዝቢን መንግስትን ኣብ ገጠራት ዝተኣታተወን ዝተተግበረን ሽታ ኣልቦ ዓይኒ ምድሪ ዘተባብዕ ኰይኑ ምጽንሑ ዝፍለጥ ኰይኑ፡ እንተኾነ ንድሕሪት ናይ ምምላስ ተርእዮታት ይስዕርር ስለ ዘሎ፡ ህዝቢ ክነቕሓሉን ምምሕዳራት ምክትታለን ከሐይላን፡
- ባይቶ ዞባ ማእከል፡ ንቐጠባ ዘዳኽም ገፋሕቲ ውራያት ንምውጋድ ኣብ ሓሙሻይ ስሩዕ ኣኼባኡ ውሳነ ኣሕሊፉ ምንባሩን ከም ውጽኢቱ ኣብ ሓያሎ ከባቢታትን ዓዲታትን ይግበር'ኳ እንተሎ፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ንኽትግበር ምምሕዳር ንኡሳን ዞባታት ብዕቱብ ክሰርሓሉ ዝብሉ ለበዋታት ብምሕላፍ ኣኼባኡ ዛዚሙ።

ባይቶ ዞባ ማእከል፡ ኣብ 2004'ዩ ቆይሙ። ኣብ መንበርን ጸሓፍን ዝርከብዎም፡ ብኣርባዕተ ነናቶም ዕዮ ዘሰላስሉ ሽማግለታት፡ ቁጠባዊ ልምዓት፣ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፣ ባህሊን ልምዲን ከምኡ'ውን ሕግን ስርዓትን ዝቖመ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ እዋን 53 ኣባላት ኣለዉዎ።